Stg. Eritrean Disabled Foundation
in the Netherlands

ማሕበር ኣካለ ጽጉማን ኤርትራ
ኣብ ሆላንድ

# <u>ናይ ድራር ምሸት ፣ ሓገዝ ንናጽነት ኤርትራ ክዉን ዝገበሩ ውጉኣት ሓርነት</u>

ንኣብ ከሰላ (ሱዳን ) ዝነብሩ ናይ ሓርነት ውግኣት ንምሕጋዝ

ልዕላውነት ሃገርና ኤርትራ ብከቢድ መስዋእትን ስንክልናን ከምዝተረጋገጸን ፥ ክንዕቅቦ ዘሎና ክቡር ታሪኽና ምዃኑ ዘማትእ ኣይኮነን። ንክቡራት ስዉእትና ሞጐስ ፥ ነዞም ንናጽነት ሃገር ንምውሓስ ሕይወቶም ብስንክልና ዝኸፈሉ ጀጋኑ ድማ ኣለናልኩም ክንብሎም ኤርትራዊ ሕልና እዩ ። ምስዚ ልዕሊ 40 ዓመት ዕድመ ዝገበረ ናይ ኣካል ስንክልና ተደረብቲ ሕማማት ከም ሕማም ሽኮር ፣ ብዝሕን ጸቕጢ ደምን ካልኦት ናይ ውሽጣዊ ክፍለ ኣካላትን ሽግራትን እናሕለፉ ዝነብሩ ዘለዉ ጀጋኑ ስንኩላን ብጾት ከምዘለዉና ክንዝክር ናይ ነፍስ ወከፍ ኣርትራዊ ዜጋ ሓላፍነት ምዃኑ ኣይትዝንግዕዎን ንብል።

ኣብ ሆላንድ እንነብር ጉዱሳት ኤርትራውያን ንጸገማቶም ብምርዳእ ብወግዒ ዝተመዝገበን ዝነጥፍን ማሕበር ካብ ዝቐውምን ዓመታት ዘለዎ ጥራይ ዘይኮነስ በብእዋኑ ካብ ኣባላቱን ካብ ኤርትራውያን ሰብ ሕልናን ዝተዋጽኤ ሓገዝ ፣ ኣብ ናብራ ኣካለ ስንኩላን ዓቢ ተራ ዘለዎ ዓቕሙ ዝፈቕዶ ክሕግዝ ዝጸንሐን ዘሎን ማሕበር ኣሎና። ሽማግለ ማሕበር ንዕለት 27 ግንቦት 2018 ናይ ድራር እንግዶት ብምድላው ዓቕምናን ሕልናና ዝፈቕዶ ሓገዛት ንምግባር ብኽብሪ ንዕድመኩም ።

ብሂል ለባማት ኣቦታትና፥ " ሓሙሳ ለሚን ንሓደ ሰብ ሸከሙ ፡ ንሓሙሳ ሰባት ድማ ጨነኦም " ከምዝበሃል ኩልና ሰብ ሕልና ዓቕምና ብዝፍቅዶ፥ ኢደይ ኢድካ እንተዳኣ ኢልና ፥ መጀመርያ ቅዱስ ግብረ ሰናይ ስለዝኾነ ንሕልናና ነቕስን። ብኻልኣይ ደረጃ ድማ ንኹልና ኤርትራውያን ሓደ ዝብጹሑና ንሃገርናን ህዝብናን ክብሉ ዝሰንከሉ ዜግነታዊ ግደታና እዩ ።

ብዝተፋላልየ ምኽንያት ኣብዚ መዓልትን ግዜን ክጥዕመኩም ዘይክእል ብሕሳብ ባንክ ክትልእኩ እንተደሊኹም፥ ናብዚ ሕሳብ ባንክ ክትሰዱ ትኽእሉ።

STG. ERITREAN DISABLED FOUNDATION IN THE NETHERLAND

BANK : NL20INGB 0005169954 ጌርኩም ክትሰዱ ትኽእሉ

| | |
|---|---|
| **ዕለት** | 27 ግንቦት 2018. (27-05-2018) |
| **ጊዜ** | ሰዓት 14:00 ድሕሪ ቀትሪ |
| **ቦታ** | Derde Oosterparkstraat 159<br>1092 CW Amsterdam. |
| **መጓዓዝያ** | Amsterdam CS Metro 53 ,51 , 54 ኣብ (Wibautstraat) ትወርዱ |

ንኣድላይ ሓበሬታ ፥ 06 863 582 78 ተወከሱ

ብድሓን ምጽኡ !!!

ሽማግለ ማሕበር ኣካለ ጽጉማን ኣብ ሆላንድ